ኤርትራ ቤት ማእሰርቲ ኾይና።

ቀዳም 28 ጥሪ 2006
ሳሎነ ሳንታ ኡጉስቶ ኤጲስቆጶስ
ካዜርታ

ጉጅለ ሚስዮናውያን “ሜኒኖስ ዴ ሩዋ”
ስጉምቲ ካቶሊክ ኢጣሊያ
ጽላል ናይ ሰላም

ኤርትራ፡ ‘ዛ ኣርዑት ኢጣልያዊ መግዛእቲ ተጻዒኑዋ ዝነበረት፡ ድሕሪ ናጻነት ምጉንጻፉ፡ ብመንግስቲ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ብፍጹም ኣብ ወተሃደራዊ መደበር ተቐዪራ ኣላ።
መንእሰያት ደቀ-‘ንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ኤርትራ፡ መንግስቲ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ’ቲ ምስ ኢትዮጲያ ዝገብሮ ዘሎ ትርጉም ዘይብሉ ውግእ ከእትዎም፡ ብሓይሊ እናገፈፈ ኣብ ወተሃደራዊ መደበራት ይዕልሞም ኣሎ።
መንግስቲ ኤርትራ፡ ሰላም፣ ዴሞክራሲያን ፍትሕን እዩ ተመባጺዑ ዝነበረ። ኣብ ክንዳኡ ግና፡ ኣብ ኤርትራ፡ ውግእ፣ ወጽዓ፣ ድኽነትን ምድቛስ ሰብኣዊ-መሰልን እዮም ነጊሶም።
እምበኣረይከስ፡ ኤርትራ ኣብ’ዚ እተጠቕሰ ኩነታት ኣቲያ ካብ ሃለወት፡ ነዚ ዝስዕብ ሕቶ ነቕርብ ኣሎና።
ኢንተርናሽናል ሕብረተ-ሰብ እንታይ እዩ ዝጽበ ዘሎ?

ክንዲ ዝኾነ፡

ተገደስቲ፡ ብዕለት 28.01.06 ሰዓት 17፡ 30 ድሕሪ-ቀትሪ፡ ብዛዕባ’ዚ ብሓጺሩ እተጠቕሰ ኩነታት ኤርትራ ክድህስስ ኣብ ዝደለየ፡ ኣብ ካዜርታ ኣብ እተዳለወ ኣኼባ ክትሳተፉ፡ ብክብሪ ንዕድመኩም ኣሎና።

ካብ’ቶም መደረ ከቕርቡ ተዳሊዮም ዘለዉ ሰባት፡

፩) ኣስፐር “ብሰብኣዊ መሰላት ኤርትራውያን ዝጣበቕ ማሕበር”

፪) ኣባ ኣሌክስ ዛኖቴሊ

*(ናይ ካምቦኒ ሚስዮናዊ)*

፫) ኣባ ራፋኤለ ኖጋሮ

*(ጳጳስ ናይ ካሴርታ)*

፬) ነቲ ኣኼባ ብኣደ-መንበርነት እትመርሖ

*ወይዘሮ ኦርሶላ ፓስኳሬሎ*

*(ተወካሊት ዴዮሲስ ናይ’ቲ ስጉምቲ ዝወስድ ካቶሊካዊ ኣካል)*

ድሕሪ መግለጺ’ዞም እተጠቕሱ፡ ሓፈሻዊ ምምይያጣት ክህሉ እዩ።

Gruppo Missionario “Meninos de rua”- Caserta
Azione Cattolica Italiana
Tenda della Pace